## ርእሰ-ዓንቀጽ

# ትስፉው ናይ ሓባር መጻኢ!

ሎሚ፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንከቢድ ናይ ህልውናን ቀጻልነትን ሻቅሎት ተሳጢሖም ምህላዎም ብፍሩይ ዝንበብ ኤርትራዊ ኩነት'ዩ፡፡ መንቀሊ'ዚ ሻቕሎት'ዚ ከኣ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣብዞም ዝሓለፉ ዕድመ ስልጣኑ ብዝተኸተሎ ግጉይ ፋሽስታዊ ፖሊሲታት፡ ኣብ ሰማይን ምድርን ኤርትራ ዝዝምቢ ዘሎ ናይ ጥፍኣት ደበና'ዩ፡፡

ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኩሉ ዝከኣሎ ዘበለ ጌሩ፡ ዘይፈጸሞ ገበን ከኣ የለን፡፡ ነዚ እኩይ መጋብሩ ብዓንተቡኡ ዝኣመቱ ለባማት ደቂ ሃገር፡ እዚ ስርዓት'ዚ ገና ብጊሐቱ ኣብ ሕጹኖት እናሃለወ፡ ድቂ ፋሽስታዊ ስርዓት ቋጺሩ ኣብ መንበረ ስልጣን ዝተወጠሐ፡ ጥልመት ዝሕላገቱ ጉጅለ ምኳኑ ብምስትብሃል "ተኪኤ" ክብሉ ንመንነቱ ብዝገልጽ መዳርግቲ ኣልቦ ብልሒ-ንቕሓቶም፡ ንታሪኽ ሰኒዶም ሓሊፎም'ዮም፡፡ ብኣገላልጻ'ዞም ንቅድሚት ዝኣመቱ ለባማት፡ "ተኪኤ" ማለት ወራሲ ሓድጊ ቀዳሞት ባዕዳውያን ገዛእቲ ማለቶም'ዩ፡፡

ኣብ'ታ ብሓርነታዊ ቃልሲ ኣቢላ ልዑል ከቢድ ዋጋ መስዋእትን ስንክልናን ብምኽፋል ዝተደኾነት ውልዶ ሃገር፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ክደግስ ዝተመነየ ኣይነበረን፡፡ ትምኒትን ኩውንነትን ግን በበይኖም ብምኳኖም፡ እቲ ዘይንምነዮን ዘይንብህጎን ኮይኑ፡፡ ሎሚ'ምበኣር፡ ባህግን ድሌትን ህዝቢ ኤርትራ ሃኾቱ፣ ሕድሪ ሰማእታትና ተጠሊሙ፣ መብጽዓታትና ተሓሺሹ፡ ዕሉል ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ከርሲ ኤርትራዊ ፖለቲካ ኣራጢጡ ብዋጋ ህላዌናን ቀጻልነትናን ይቋመር ምህላዉ፡ ዋሕስ-የግብእ ዘየድልዮ ጉዳይ ኮይኑ'ሎ፡፡

ነዚ ስርዓት'ዚ መን ቀዲሙ ኣለልዩዎ ካልኣዊ ጉዳይ'ዩ፡፡ ሎሚ እቲ መሰረታዊ ጉዳይ እዚ ስርዓት'ዚ ንቦታ ቀዳሞት ባዕዳውያን ገዛእቲ መሊኡ፡ ብርግጽ ኤርትራዊ "ተኪኤ" ኮይኑ'ዶ ኣይኮነን? እዚ ስርዓት'ዚ ኣብ ልዕሊ'ቲ እምነት ኣምቢሩ ክሳብ ኣብ ስልጣን ዝበጽሕ ሓብሒቡ ዝሓንገሮ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዘይፈጸሞ ፋሽስታዊ ግፍዒ ኣሎ'ዶ የለን? ኣብ ዝብል ጉዳይ፡ ርትዓዊ ሚዛን ምሓዝ፡ እዋናዊ'ዩ፡፡ ከም እምነት ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ፡ እቶም ኣብ ባይታ ዘሎዉ መረርቲ ኤርትራዊ ቃንዛታት ብውነ ንዝመዘኖም፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ወራሲ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ምኳኑ ሰጋእ ከይበለ ዝበጽሖ መደምደምታ'ዩ፡፡ እዚ ስርዓት'ዚ መበቆሉ ብዘየገድስ ድማ፡ ኣብ ቅድሚ ህላወን ቀጻልነትን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝተደጎለ ሓደጋ'ዩ፡፡ ስለዝኾነ ከኣ፡ ንህላወን ቀጻልነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ምውሓስ፡ ቅድሚ ኣንጻር'ዚ ፋሽስታዊ ስርዓት'ዚ ዝስራዕ መደረኻዊ መኸተ ብፍጹም ክህልው ኣይክእልን'ዩ፡፡ ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ ካብ'ዚ ጽኑዕ እምነት'ዚ ተበጊሱ፡ ኩሉ ዓቕምታቱ ንማዓላ'ዚ መድረኻዊ መኸተ ኣኸቲትዎ'ዩ፡፡

ምእንቲ'ዚ፡ ሓያልን ብቑዕን ደሞክራሲያዊ ውድብ ንምፍጣር፡ ኢሉ'ውን ኩሉ ጸዓታት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደ ታርጌት ክቐንዕ ምእንታን፡ ውድብና ካብኡ ዝጥለብ ዘበለ ኩሉ ካብ ምብርካትን ዘይሕለል ቃልሲ ካብ ምክያድን ዓዲ ኣይውዕልን'ዩ፡፡ ውድብና፡ ብመሰረት ዕዉት ውድባዊ ኮንፈረንስና ዝኣመሞ ናይ ቃልሲ እስትራቴጂ፡ ምስ'ቶም ግዳይ ዘይተኣደኑ ወጽዓታትን ሞቶር ለውጢ ክኾኑ ትጽቢት ዝንበረሎም ዘሎን ኤርትራውያን መንእሰይን ደቂ-ኣንስትዮን ብምኳን፡ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ግድላት ንምስጋር ቅሩብነቱ ደጊሙ የረጋግጽ፡፡

ኤርትራውያን መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን፡ ብመግዛእታዊ ኩርማጅ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ሚሒር ዝተሳቐዩ ብምኳኖም፡ ብቑዕ ደሞክራሲያውን ኣሳታፍን ሓይሊ ተቓውሞ እንተረኺቦም፡ ኣብ መስርሕ ለውጢ ታሪኻዊ እጃሞም ካብ ምብርካት ድሕር ከም ዘይብሉ ውድብና ብጽንዓት ይኣምን፡፡ እዚ ሎሚ ብግዚያውነት ዝረአ ዘሎ፡ ስሑው ተሳትፎ ኤርትራውያን መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ኣብ ደሞክራሲያዊ ቃልሲ ንምስጋሩ ከኣ፡ ሰሓብን ኣሳታፍን ደሞክራሲያዊ ሓይሊ ተቓውሞ ብምህናጽ ዝፍወስ ምኳኑ እምነትና'ዩ፡፡ ነዚ ንቃልስን ለውጥን ምቹእ ዝኾነ ኩነት፡ ከም ውድብ ንምምላእ፡ ንጉዕዞ ፖለቲካዊ ትንሳኤና ብዝተነጸረ ራእይን እስትራቴጂን ፈሊምናዮ ምህላውና ነበስር፡፡

ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ፡ መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ኤርትራ ካብ ለውጢ ዝርብሑ፡ ናይ ለውጢ ባእታታት ምኳኖም ካብ ዘለዎ ዘይሽራረፍ እምነታቱ ብምብጋስ፡ ንናይ ሓባር ጸላኢ፡ ብናይ ሓባር ዕግበታትን ተሳትፎን፡ ብቁርጡው ኣወዳድባን ጸዓታትን ንምምካት፡ ልባዊ ተበግሶ ወሲዱ፡ ናይ ቃልሲ መጸዋዕቱኡ እውጅ ጌሩ'ሎ፡፡ ብርግጽ ከኣ ከም ኣበጋግሳና መጻኢና ትስፉው'ዩ፡፡